# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ያዕቆብ ወልደ ዘብዴዎስ

www.debresahl.com

1. ሓዋርያ ያዕቆብ ነቶም ዝቐደሙ እምነትን ጥምቀትን ድኅሪ ምሃቡ ናብቶም ካብ 12 ነፈድ (ዓሌት) ዝዉለዱ ዝርዋን ዝበሃሉ ከይዱ ጐይታ ዝገበሮ ኩሉ ካብ ፅንሲ ጀሚሩ ዝገበሮ ተአምርን ቀጺሉ ዝመሃሮ ትምህርትን ዝፈጸሞ ተአምራትን ምስመሃሮም፣ አብ ርእሲ እቲ ገባር ናይ ሄሮድስ ምንባሮም ነፍሲ ወከፎም ዘምልኽዎም ጣዖታት ከአ ነበሩዎም። ምስ ካልእ ዘየራኽብ ቋንቋ እዉን ነበሮም።

2. ያዕቆብ ሓዋርያ ድማ ብዘይካ ምስቶም ብጾቱ ሓዋርያት ዝተቐበሎ (ዝተገልጸሉ) 72 ቋንቋ ናይ እንስሳን አራዊትን አዕዋፍ ሰማይን ከይተረፈ ፋሉይ ዉህበቶ ስለዝነበሮ በብቋንቋኦም ቃለ ሃይማኖት አረድኦም። 1ቆረ.12፡14 ግሓ.2፡1-13፣ ኢዮኤል 2፡28። ጉባኤኡ ዘርጊሑ ወንጌል እናሰበኸ ከሎ ድማ ዝዉሃብ እንተደአ ረኺብኪም ኸአ ንምድራዉያን ነገሥታት ዘምልኽዎም ጣዖታት ዘይኮነ ንድኻታት ደአ መጽዉቱ፣ ምኽንያቱ ንዳኅራይ ንሳቶም እዮም ናብ ቤቶም ዝቕበሉኩም እምበር ንነገሥታት ምሃብ ከምዘየድኅነኩም ፍለጡ፣ ኢሉ ሰቢኹ ምስ አረድኦም ኣሚኖም ተጠመቑሉ። ሉቃ፡16፡9 ሢራክ፡12፡4-5::

3. 7ይ ሄሮድስ ግና ነዚ እምነትን ጥምቀትን እዚ ምስ ሰምዔ ሎምስ ከአ ንኔሮን ንጉሠ ነገሥትን ነአይ ንሄሮድስ፣ ንጉሥ አይትገብሩ ዝብል ሰባኺ መጺኡና፣ ሕጂ አምጹኡለይ ኢሉ አዚዙ እቶም ዝተላእኩ ወታሓደራቱ ኂዞም አምጽኡሉ። አብ ቅድሚኡ ጠጠዉ አቢሉ ድማ፣ እንታይ እዩ ፍጥረትካ ብመንከ ኢኻ እትአምን? ወሃ ዘይኅፍር ብግብሩ ንሞት ዝጽዉዕ እንዳበለ ናይ ንዕቀት ሕቶ አቕረበሉ።

4. ቁዱስ ያዕቆብ ድማ ንዝቐረቦ ሕቶ ክምልሽ እንከሎ፣ እምበአርከስ አነ አብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት ሥልጣን ዘለዎ እግዚአብሔር ኢየ ዝአምን፣ ከምኡ እዉን ንስኻ ኮነ ኔሮን ካብቲ ፍጥረት ስለዘይትፍለዩ ናባኻትኩም እዉን ከይተረፈ ሥልጣን ዘለዎ አምላኽ እየ ዝአምን፣ ኢሉ መልሲ ስለዝሃቦ ሄሮድስ ተቐጢዑ ካብዛ ሕጂ ዝተዛረብካያ ዘረባ ንላዕሊ አብ ምድጋም አየብጽሓካን እየ ኢሉ ሰይፋ መዚዙ ክሳዱ ቀረጾ። ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ተፈልየት። ምእመናን ድማ ናብ በጥቂ ዘማማርቂ እትበሃል ቦታ ጸግዔ ቤተመቅደስ ቀበርዎ። ግሓ. 12፡2

በረኸት ቅዱስ ሓዋርያት ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። አሜን።

ሰላም እብል ለሓዋርያ ፍንወ።
እኅወ ወንጌላዊ ዮሓንስ እንዘ ይሄሉ ሕያወ።
አህጉራተ ይሰብክ ጊዜ አንሶሰወ።
ድምፀ አራዊት ወዘአዕዋፍ ንቃወ።
በመንፈስ ቅዱስ ያዕቆብ ለበወ።

ስንከሳር 17 ሚያዝያ ተመልከት።